ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي

**Eritrean National Council for Democratic Change**

# ፖለቲካዊ ቻርተር ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፤

## መእተዊ፡-

ኤርትራ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቅ ኲርናዕ ናይ'ቲ እስተራቲጂካዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ቀርኒ ኣፍሪቃ እትርከብ ልዕሊ ሓሙሽተ ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ናጻ ልኣላዊት ሃገር'ያ። ስፍሓት መሬታ 123,320 ትርብዒት ኪሎሜተር ክኸውን እንከሎ፡ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ኪሎ ሜተር ገማግም ባሕርን፡ ብርክት ዝበሉ ደሴታትን ወደባትን እትውንን፤ብሄራውን ሃይማኖታውን ባህላውን ብዙሕነታዊ ኣካውና ሕብረተ ሰብ ዝሓቖፈት ሃገር'ያ። መነባብሮ መብዛሕትኡ ህዝባ ኣብ ማሕረስን መጓስን ሃብቲ ባሕርን እዩ፡ ውሑዳት ድማ ኣብ ንግዳዊ ዕዮ፡ ኣገልግሎት፡ እንዱስቱሪን ሲቪላዊ ስርሓትን ዝተዋፈረ'ዩ።

እዚ እስትራተጂካዊ ኣቀማምጣ ዝዓደላ ሃገር፤ ፖለቲካዊ፣ንግዳዊ፣ ወታሃደራውን ኣገዳስነት ካብ መጀመርታ መበል ዓሰርተ ሸድሽተ ክፍለ ዘመን ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ናይ ዝተፈላለዩ ልዕለ ሓያላን ዞባዊ ኃብለላት ቆላሕታ ክትስሕብ ዝኻኣለት፤ ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ፤ኣውሮጳውያን ገዛእቲ ሃገራት ንኣፍሪቃ ከም ስጋ ጉዚ ክማቓርሑ ከለው፡ ኤርትራ ብጺሒት ጣልያን ኮይና፡ ነዚ ሕጂ ሒዛቶ ዘላ ጅኦግራፊካዊ ኣካልላ ሒዛ ከም ሃገር ኮይና ቆይማ፡፡ ድሕሪ 2ይ ኲናት ዓለም ምዝዛም መግዛእቲ ጣልያን ብሓይሊ ሓይልታት ኪዳን ስለዝተሳዕረ፡ ንውሑድ ዓመታት ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንግሊዝ ድሕሪ ምጽናሕ ንረብሓ ሓያላን ሃገራት ኣሜሪካን መሻርኸታን ተባሂሉ እዩ፡ ካብ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ወጻኢ፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ክትቁረን ዝተገበረ። ኣብ'ዞም ዝሓለፉ መግዛእታዊ መዋእላት'ዚኣቶም፡ ህዝቢ ኤርትራ በብመድረኹ ዘካይዶ ዝነበረ ኲሉ መልክዓት ቃልሲ፡ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ሃገራዊ መንነትን በብደረጃኡ ከምዕብልን፡ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ከምስረታን ክስፍሕን ኣኽኢሉ። ካብ'ዚ ማህጸን'ዚ ከኣ እዩ፡ ሃገራዊ ብረታዊ ተጋድሎ ሓሳብ ክቦቆልን ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ብረታዊ ቃልሲ ብመሪሕነት ስዉእ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ተጋድሎ ሓርነት ዝጀመረን። ኣብ ምድኻም ጸላኢ ዓቢ ተራ ክጻወት ድሕሪ ምጽናሕን፤ ብሳላ እኩብ ድምር ቃልስታት ህዝቢ ኤርትራን ብወሳኒ መልክዑ' ብውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ተደምሲሱ ነጻነት ኤርትራ ኣብ ግንቦት 1991 ተረጋጊጹ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ መዋእል ጻረ መግዛእቲ ሃገራዊ ተጋድሎኡ ከካይድ እንከሎ፡ ኣብ ኲለንትናኡ ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ክብሪ፣ፍትሒ፣ ግስጋሰን ብልጽግናን ምርግጋጽ ይብህግ ስለ ዝነበረ'ዩ። ምእንትኡ ድማ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ብምኽፋል፡ መግዛእታዊ ስርዓት ደርጊ ደምሲሱ፤ ሃገራዊ ናጽነት ብምርግጋጽ ድማ ወሳኒ ታሪኻዊ ዓወት ኣመዝጊቡ። እዚ ሃገራዊ ናጽነት ብምርግጋጽ ዝተመዝገበ ዓወት'ዚ ድማ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ደሞክራስያዊት ሃገር ብምህናጽ፣ ሰላምን፡ ሃገራዊ ልምዓትን ልዕልና ሕግን ንምስፉን፡ ናብ ድርኩኹት ሓድሽ ፖለቲካዊ መድረኽ ኣእትይዎ ኔሩ'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ጻረ መግዛእታዊ ጅግንነታዊ ሃገራዊ ተጋድሎኡ ዘደልደሎ ሃገራዊ ሓድነት ብምሙርኳስ፡ ሰላም፣ ፍትሒ፣ ሓርነት፣ ደሞክራሲ፣ ኲሉ መዳያዊ ልምዓትን ከረጋግጽን ምዕብልቲ ሃገር ክሃንጽን ብርግጽ ድልው ኔሩ'ዩ። ይኹን ዳኣ'ምበር፡ ካብ'ቲ ረዚን መስዋእቲ ዝተኸፍሎ ገድላዊ ጉዕዞ ብምልጋስ፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ዝግህስ ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ክውለድ ትጽቢት ህዝብና ኣይነበረን። ናይ ሃገራዊ ናጽነት ቃልሲ ውጺኢትን፡ ናይ ህዝብና ተስፋታትን ድልየትን ክጋጮን ክራጸምን ኮይኑ'ዩ።

መኸሰባት ሃገራዊ ቃልሲ ዝገበተን፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝበሓተን ጻረ ደሞክራስን ሰላምን፤ ጻረ ኲሉ መዳያዊ ምዕባለ ህዝቢ ኤርትራን ዝኾነ ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ምህናጽ ሃገር፡ ናይ ካልኦት ኤርትራዊ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሓይልታት ሃገራውን ደሞክራስያውን እጃሞም ዝኸሕድ ኣግላሊ ፖሊሲ ብምንጋስ፡ ምልኪ

ሓደ ሰብ ዘሰርጽ ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ተኺሉ።

እዚ ስርዓት'ዚ፡ ኣብ ሃገረ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ሃገራዊ ናጽነት ኣትሒዞ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ባህላውን ኣሃዳዊ ዕብለላ ንምርግጋጽ ዝተማለአ ኣግላሊ መርሓ እዩ ክኸተል ጸኒሑን ዘሎን። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣዕኑድ ሃገራዊ ሓድነት ገዚፍ ስንብራት ክገድፍን፡ ንጠማሪ ሃገራዊ መንነት ከዳኽምን ኮይኑ ኣሎ። እዚ ካኣ ንሰረት ሃገራዊ ሽርክነትን ሓባራዊ ሰላማዊ መነባብሮን ማሕበራዊ ሰላምን ህዝቢ ኤርትራ ዝህድድ'ዩ። ብስንኪ'ዚ ቀጻሊ ውሽጣውን ደገኣውን ኣዕናዊ ፖሊሲታት ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ህዝብናን ሃገርናን፡ ንሓደጋታት ምንቍልቛልን ምብትታንን ክሳጣሕ ኮይኑ ኣሎ።

ኤርትራ ብድሕሪ ናጽነታ፡ ኣብ ብኩራት ቅዋማዊ ትካላትን ግዝኣተ ሕግን ኩነታት ስለ ዝወደቐት፡ ኣብ ውሽጢ ዕስራን ሸሞንተን ዓመታት ኣንጻላልይዋ ዘሎ ሓደጋ ዕንወት ከቢድ'ዩ። ኣብ ዓውዲ ኤርትራዊ ፖለቲካ ጎሊሆም ካብ ዝራኣዩ ዘሎዉ ኣቓንዘውቲ ሓቅታት፡ ምድኻም ሃገራዊ ሓድነት፣ ጨካን ግህሰታት ሰብኣዊ መሰል፣ ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገር ኣብ ክንዲ ምህናጽ ሃገር ዝውዕል ካብ ዓቕን ንላዕሊ ዝዘፍጠጠ ወተሃደራዊ ሓይልን ንገባቲ ስርዓቱ ዘገልግል ትካላት ዓፈናን ጭቆናን ብምህናጽ ምብኻን፣ ኣብ ልዕሊ ጎረባብቲ ሃገራት ህውከት ምፍጣርን ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ምንዋጽ፣ ዘይፍትሓዊ ኲናት ምውላዕ፣ ካብኡ ዝተፈልየ ርእይቶ ንዘለዎ ዜጋ መሰል ውሕስነት ሂወት ምጥሓስ፣ ህዝቢ ኤርትራ መሬቱ ራሕሪሑ ንስደት ሃጽ ምባል፣ ስነ ምግባራዊ ብልሽውና እናኣተባበዐ፣ ሃይማኖታውን ማሕበራውን ውርሻታት ምርኻስ፣ ንመንእሰያት ብምሕሳር ኣብ ዕዮ ባርነት ምስግዳድ፣ ንግዲ ሰብ ዝሓቁፍ ምቹእ ሃዋህው ምፍጣርን'ዮም። እዚ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ህልዊ ዲክታቶርያዊ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ባህሪያት ንምልላይ እኹል ህያው ኣብነት'ዩ።

ህዝብና ፖለቲካውን ስቪላውን ሓርነታትን ክብርታትን ስለ ዝብህግ፡ ዲሞክራሲ ንምርግጋጽ ክቃለስ ጸኒሑ እዩ። በዚ መሰረት፡ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ስነ ሓሳብ ሒዞም ዝቃለሱ ብዙሓት ሃገራውያን ሓይልታት ደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ሓደጋ ምብትታን ንምድሓንን፡ ኣብ ክሊ ብዙሕነት ሃገራዊ ሓድነት ንምዕቃብን፡ ሃገራዊ ሽርክነት ንምርግጋጽ፤ መሳርያምን ገድላዊ መሳርሒታቶምን ኣብ ጠርናፊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር ንምስላፍ፣ ፖለቲካውን ሰቪካውን ሓይልታት ዝሓቁፍ ሰፊሕ ስሙር ሃገራዊ ግንባር ንምምስራት ኣብ ከተማ ሃዋሳ ኢትዮጵያ ብ2011 ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣካይዶም።

ምስረታ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሓቛፊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር፡ ንኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር እትሓቁፍ ሃገር ንምህናጽ ድልየት ንዘይብሉ ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ምውዳቕ ዘቃላጥፍን፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብምርግጋጽ ናብ ሰልፋዊ ብዙሕነት ዝትክእ ደሞክራስያዊ ስርዓት ብምህናጽ መሰረታዊ ሽግራት ህዝብና ንምፍታሕን ባህግታቱ ንምርግጋጽን ጥጡሕ ባይታ ዝምድምድ'ዩ።

ዲክታቶርያዊ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ህዝባዊ ደገፍ ከስእንን፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ኣንጻሩ ዘቕነዐ ኣህጉራውን ዓለማውን ውሳኔታት ከሕልፍ ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ኮይኑ ግን ኣብ'ዚ ዝድሓሩ ዓመታት ኣብ ዞባና ዝተኸሰቱ ግርጭታት እንዳመዝመዘ ክሳብ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ኣሕሊፉ እንዳሃበን እንዳኣካረየን ካብ ዘጋጠሞ ወጥሪ ክወጽእ ክፍትን ጸኒሑ እዩ፡፡ እዚ ከምዚ እንዳሃለወ ምስ ኢትዮጵያ ዝጸንሐ ናይ ዶብ ግጭት ብውሽጥን ብደገን ብዝተቐናባበረ ሰላማዊ ፍታሕ ክረከብ ብምኽኣሉ፡ ግዝያዊ ሩፍታ ፈጢሩሉ ኣሎ፡፡ ይኹን እንበር እዚ ግዝያዊ ሩፈታ'ዚ ምስ'ቲ ጸረ ህዝቢ ባህርያቱ ነዊሕ ራሕቂ ከኸይዶ ዝኽእል ኣይኮነን፡፡ ሰለዘኾነ ድማ ሕጂውን ነዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ወድዕነት'ዚ ናብ ረብሓ ደሞክራሲያዊ ቃልሰና ክንልውጦ ብውሽጢ ንሕብረተሰብናን ብደገ ድማ ንኣህጉራዊ ማሓበረሰብ ኣብ ጎኒ ፍትሓዊ ቃልስና ጠጠው ክብል ብጽንዓት ምቀላስ የድሊ፡፡

ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ኩነታት፡ እዚ እነካይዶ ዘሎና ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ጉዕዞ ምዕዛዝ ሓድነት መሳርዕ ተቓውሞ ሓይልታት፡ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ከም ምኳኑ መጠን፡ ምእንቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርጋግጽ ጥጡሕ ፖለቲካዊ ባይታ ምንጻፍን፡ ተቓውሞ ሓይልታት ብመሰረት ዝተሓተ መደብ ዕዮ ገድላዊ ዓቕምታቶም ንምጽማድን ጸረ ዲክታቶርያዊ ገባቲ ስርዓት ንምቕናዕን ዝጋባእ ዘሎ'ዩ። ደሞክራስያዊትን ሓራን ኤርትራ ንምህናጽ፡ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ጎደና ተጋድሎ ከም ሓባሪ መርሓ ዝኽተልዎ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ፖለቲካዊ ቻርተር ተሰማሚዖም ኣሎዉ።

## ቀዳማይ ምዕራፍ:- ሓፈሻዊ መትከላት

1. ኣብ ጅግንነታዊ ሃገራዊ ተጋድሎ ዝተጠርየን ዝሰረጸን ሃገራዊ ልዑላውነትን፡ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራን ብኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዝተኣምነሉ ዶባታን ምዕቃብ፡፡
2. ኣብ መትከላት ደሞክራሲ፣ ሰላምን፡ ሰብኣዊ መሰላትን ምርኩስ ዝገበረ፣ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ፍትሕን ማዕርነትን ንምርግጋጽ፣ ፍትሓዊ ምምቕራሕ ስልጣንን ሃብትን ምእማን።
3. ዜግነት መሰረት መሰላትን ግቡኣትን'ዩ፡፡ ዜጋታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ'ዮም።
4. ብሄራውን፡ ሃይማኖታውን፡ ባህላውን ብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ምእማን። ኣብ ኣህጉራዊ ቻርተር ናይ ዝተጠቕሱ ትሕዝቶ መሰረታዊ መሰላት ኣብ ባይታ ብግብሪ ንምትግባር ድማ፡ ነዚ ብዙሕነት'ዚ ምኽባር።
5. ኣብ ኣህጉራዊ ቻርተራት ዝተጠቕሱ ኩሎም ሰብኣዊ መሰላት ምእማን። እዚ ኸኣ ከም ሓርነታት እምነት፣ ኣምልኾት፣ ራእይ፣ ሓሳብካ ምግላጽ፣ ምውዳብ፣ ምንቅስቓስን፡ ዋንነትን፡ ካልእ ኩሉ ሓፈሻውን ውልቃውን ሓርነታት ምርግጋጽ። ነዞም መሰላት እዚኣቶም ድማ ኣብ ቅዋም ኤርትራ ክሰፍሩ ምግባር።
6. ብሄር፣ ሃይማኖትን፡ ባህልን፡ መሰረት መንነት ህዝቢ ኤርትራ'ዮም። ናይ'ዚ መሰረታዊ ክውንነት መሰላት ምውሓስ።
7. ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ፡ ብቑዕ ኮይኑ ዝተራኣዮም ፖሎቲካዊ ፕሮግራም ክውንኑን፡ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕጋብ ክንቀሳቐሱን፡ ቅዋማዊ ውሕስነት ይህልዎም።
8. ህዝቢ ብደሞክራስያውን ፖለቲካውን ቅዋማውን መስርሕ ምንጪ ስልጣን ምዃኑ ምእማን።
9. ቋንቋታት ኤርትራ ኩላተን ሃገራውያንን ማዕረን እየን። ካብኣተን ድማ ትግርኛን ዓረብኛን ዕላውያን ቋንቋታት ኤርትራ እየን። ብሄራት ኤርትራ ቋንቋታተን ከማዕብላን ክጥቀማን መሰለን ምርግጋጽ፡፡
10. ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋውን ብዙሕነት ዝተመስረተ፡ ንዝኾነ ዘየግልል ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ምቅላስን ምምእዛዝን።
11. ሰለማዊ ምቅብባል ስልጣን ምእማን። ብህዝባዊ ምርጫ ደኣ'ምበር ብሓይሊ ስልጣን ምሓዝ ምንጻግ። (ኣርባዕቲኡ) ሰለስቲኡ ስልጣናት ሓጋግን፡ ፈጻምን ፈራድን ዜናን ምፍላይ።
12. ቅዋም ዘውሕሶ ዘይምእኩል ስርዓተ ምሕደራ ምትካል።
13. ብሄራውን ሃይማኖታውን ኣውራጃውን ምንቋትን ትምክሕትን ጽበትን ምምካት።
14. ጸረ ኩሉ ዓይነትን መልከዓትን፡ ጥርፉነትን ሸበራን ዓመጽን ምቅላስ።
15. መሰል ርእሰ-ውሳነ ብህራት ዲሞክራስያዊ መሰል ብምዃኑ፡ ኣብ ትሕቲ ልዑላዊትን ስምርትን ሃገረ ኤርትራ ኣብ ዝመጽእ ቅዋም ብፍሉይ ዝረኣ ይኸውን።
16. ዝኾነ ብሄር በቲ ንሱ ዝደልዮ ስም ክጽዋዕ መሰል ክህልዎን፣ ነቲ ብስርዓት ህግደፍ ዝግበር ግዴታዊ ምጽንባር ምውጋድን።
17. ብዘይፍትሓዊ ኣገባብ ብህግደፍ ዝተመንዘዐ መሬትን ንብረትን፡ ብሕጋውን ፍትሓውን መንገዲ ናብ ዋናታቱ ምምላስ።
18. ኣብ ኣህጉራዊ ቻርተራት ዝተጠቕሱ ኩሎም ፖሎቲካውን ማሕበራውን ቁጠባውን ባህላውን መሰላት ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ምእማን።
19. ኣብ ሓባራዊ ረብሓታት ዝሰረቱ ምዕሩይ ዝምድናታት ዝኣምን፣ ልዑላውነት ሃገራት ዘኽብር፣ ዞባውን ዓለማውን ሰላም ዘረጋግጽን፡ ብኣህጉራዊ ቻርተራትን ዉዑላትን ዝምእዘዝን፡ መርሓ ፖሊሲታት ወጻኢ ምኽታል።
20. ብህግደፍ ዝተበጽሐ ውዑላት. ልዑላውነት ሃገር ንምኽባርን ንምክልኻልን፡ ሰላምን ርግኣትን ንምፍጣርን ሃገራዊ ሰራዊት ንምቛም ባይታ ይፈጥር።

## ካልኣይ ምዕራፍ፡ ዕላማታት

1. ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ምልዋጥን፡ ኩለ ዓይነት መልከዓት ጭቆና ምእላይ።

2. ደሞክራሰያዊት ኤርትራ ንምህናጽ፡ ሰላም፣ ደሞክራስን ማሕበራዊ ፍትሕን ምርግጋጽ።
3. ሓፈሻውን ውልቃውን ሓርነታት ምእማን። ስልጣን ንምሓዝ፡ ደሞክራሰያውን ሰላማውን ምቅብባል ስልጣን ምርግጋጽ።
4. ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ምትእምማን ንምህናጽ፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ምሕላውን ምዕዛዝን። ባህሊ ሰላማዊ ሓባራዊ መነባብሮን፡ ክብርታት ደሞክራስን ሓርነታትን ምስራጽ።
5. ዝተፈላለዩ ብሄራትን ሃይማኖታትን ባህልታትን ተኸባቢሮም ብሓባር ንምንባር፡ ሃይማኖታዊ ክብርታትን፡ ሃናጺ ባህላዊ ውርሻታትን ምኽባር።

## ሳልሳይ ምዕራፍ፡ ኣገባባ ቃልሲ

1. ጸረ ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዝካየድ ቃልሲ ንምብራኽ፡ ኩሉ ኣገባብ ቃልሲ ምኽታል።
2. ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ኣህጉራዊ መጋባእያታት ምቕላዕ።
3. ኣብ መንጎ ኤርትራዊ ሓይልታት ዝኽሰቱ ፍልልያትን ግርጭታትን ንምፍታሕ፡ መርሓ ዘተ ምኽታል።
4. ደሞክራሰያውን ፍትሓውን ቃልሲ ህዝብና ደገፍ ንምርካብን፡ ኣህጉራውን ዞባውን ሰላም ንምስፋንን፡ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራትን ሃገራት ዓለምን ሕውነታዊ ዝምድና ምህናጽ።

## ራብዓይ ምዕራፍ፡ <u>መሰጋገሪ መድረኽ</u>

መሰጋገሪ መድረኽ ካብ ምውዳቕ፡ ወይ ምልዋጥ ገባቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ጀሚሩ ብደሞክራያውን ፖለቲካውን ቅዋማውን መሰርሕ ዝተመረጸ መንግስቲ ክሳብ ዝምስረት ዘሎ ፖለቲካዊ መድረኽ'ዩ።

### 1. ጊዝያዊ ስልጣን፡

ኣብ ጽባሕ ውድቀት ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዝኽሰት ባዶነት ስልጣን ንምሽፋን፡ ብሓይልታት ዲሞክራሰያዊ ለውጢ ንስርዓት ህግደፍ ዘውደቐ ሓይሊ ዘቖሞ ጊዝያዊ ስልጣን'ዩ። ዕድመኡ ካብ ሓደ ዓመት ዘይበዝሕ ይኸውን።

### 2. ዕማማት ጊዜያዊ ስልጣን

ሀ) ኣብ መላእ ሃገር ሰላምን ምርግጋእን ምስፋን።
ለ) ናይ ፖለቲካን ሕልናን እሱራት ምፍታሕ።
ሐ) መሰረታዊ መሰል ሓርነታት ዝቕይድ ሕግታት ምስራዝ።
መ) ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታትን ምእንቲ ፍትሕን ዲሞክራሲያዊ ለውጥን ዝቃለሱ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ብዝሳተፍሉ ሃገራዊ ዋዕላ ቴክኖክራታዊ (ዘይሻራዊ) ሃገራዊ ሓድነታዊ መሰጋገሪ መንግስቲ የቑውም።
ሰ) ገንዘብን ንብረትን ህግደፍ ብምቁጽጻር፡ ውሳኔ ክውሰነሉ ናብ መሰጋገሪ ባይቶ (መሰጋገሪ ፓርላማ) ምቕራብ።
ረ) ሰበ-ስልጣን ህግደፍን ናይ ጭቆና መሓውራቱን ተሓባበርቶምን፡ ኣህጉራዊ መዓቀኒታት መሰረት ብምግባር ብሕጋውን ፍትሓውን መንገዲ ናብ ሕጊ ብምቕራብ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምእታው።

### 3. ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ፥

ኩሎም ወከልቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት፥ ሕብረተ - ሰብኣዊ ክፍልታት፣ መራሕቲ ሃይማኖታት፥ ሙሁራትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ውልቀ ሰባትን ዝሳተፍዎ ሰፊሕ ሃገራዊ መድረኽ እዩ።

### 4. ዕማም ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ፥

ሀ/ ቅዋም መሰጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት የጽድቕ።
ለ/ መድረኻዊ መሰጋገሪ ባይቶ (ፓርላማ) ይመርጽ።

### 5. መሰጋገሪ ባይቶ፡

ኣብ ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ ካብ ዝሳተፉ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ውልቀ ሰባትን ዝቖውም ሓጋጊ ባይቶ'ዩ።

## 6. ዕማም መሰጋገሪ ባይቶ፡

ሀ/ ካብ ሞንን ኣባላቱ፡ መሰጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት የቕውም።
ለ/ ኣብ ሰፊሕ ዋዕላ ዝጸደቐ መሰጋገሪ ቅዋም መሰረት ብምግባር፥ መሰጋገሪ መንግስቲ ንሃገር ዝመርሓሉ ሓፈሻዊ መምርሒታትን ፖሊሲታትን ይሕንጽጽ።
መ/ ኣካይዳ መሰጋገሪ መንግስቲ ይከታተልን ይቆጻጸርን።

## 7. መሰጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት፥

ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ብመሰረት መሰጋገሪ ቅዋምን፡ ፖሊሲታትን መምርሒታትን መሰጋገሪ ባይቶ፡ ጉዳያት ሃገር ዘመሓድር ፈጻሚ ስልጣን'ዩ።

## 8. ዕማም መሰጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት፡-

ሀ/ ጉዳያት ሃገር የመሓድርን፡ ፍትሒ፥ ቁጠባውን መሰረታዊ ኣገልግሎትን ንምምላእ ይሰርሕ።

ለ/ መሓዉራት ቅንጸላ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብምፍራስ፥ ናይ ሃገር ሰላምን ምርግጋእን ዘረጋግጽ መሓውራት ይውድብን ይመርሕን።

ሐ/ ስደተኛታት ናብ ከከባቢኦም ንምምላስን ንምጥያስን ኮምሽን ኣቝሙን መደባት ሰሪዑን ኣፈጻጽምኡ ይከታተል።

መ/ ኮሚሽን ቆጸራ ህዝቢ የቕውም።

ሰ/ ሃገራዊ ሉዓላውነትን ዶባትን ንምሕላውን፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕቃብን፡ ሓይልታት ሃገራዊ ምክልኻል ዳግም ይውድብ።

ረ/ ኮሚሽን ሕጊ ፖለቲካዊ ሰልፍታት የቕውምን፥ ንጥፈታታ ድማ ይከታተልን።

ሸ/ ኮምሽን ሃገራዊ ቅዋም የቐውምን፡ ንጥፈታታ ድማ ይከታተልን።

ቀ/ ናጻ ኮምሽን ሃገራዊ ምርጫ የቕውም። ንንጥፈታታ ድማ ይካታተል። ንምዕዋቱ ካኣ ኣድላይ ደገፍ የቕርብ።

በ/ ብድሕሪ ምእዋጅ ውጽኢት ሃገራዊ ምርጫ፡ ስልጣኑ ነቲ ዝተመረጸ ሓድሽ መንግስቲ የረክብ።

## 9. ዕድመ መሰጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት፡

ዕድመ መሰጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት ካብ ክልተ ዓመት ዘይሓልፍ ኮይኑ ብሃገራዊ መሰጋገሪ ባይቶ ይውሰን።

## ምዕራፍ ሓሙሽተ፡ ሓፈሻዊ ጉዳያት

ሀ/ ነዚ ቻርተር'ዚ፡ ብዘይካ ጉባኤ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ከመሓይሽ ስልጣን ዘለዎ ኣካል የሎን።
ለ/ እዚ ፖለቲካዊ ቻርተር'ዚ ካብ ዘጸደቐሉ ሚያዝያ 2019 ተግባራዊ ይኸውን።

ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ
ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
16-21 ሚያዝያ 2019